# ትእምርቲ ሳድሳይ ማሕተም
## ራእይ 6፡12-18

### ምንዋጽ ፍጥረት ብኣዝዩ ዓቢ ደረጃ

ትእምርትታት ናይ ዝቐደሙ ሓሙሽተ ማሕተማት ናብ ሕብረተ-ሰብ፡ ዘተኰረ እዩ። ማለት፡ ኣብ ፖለቲካዊ ዅነታት ዓለም (6፡1-2)፡ ኣብ ውግኣዊ ዅነታት ዓለም (6፡3-4)፡ ኣብ ቁጠባዊ (ኤኮኖምያዊ) ዅነታት ዓለም (6፡5-6)፡ ኣብ ዅነታት ናይ ጸጥታታት ሕብረተ-ሰባት ዓለም (6፡7-8)፡ ኣብ ሰደት ኣመንቲ (6፡9-11) ብዘበን ጸረ ክርስቶስ ዘተኰረ እዩ።

እዚ ትእምርቲ ናይ'ቲ ሳድሳይ ማሕተም ግና እቲ ሳዕቤናቱ እኳ ንሰባት ዚምልከት እንተ ዀነ፡ ብእንታይነቱ ምንዋጽ ፍጥረት ብዓቢ ደረጃ እዩ። ምንቅጥቃጥ ምድሪ፡ ምጽልማት ጸሓይ፡ ደም ምምሳል ናይ ወርሒ፡ ምውዳቕ ከዋኽብቲ፡ ምልጋስ ሰማይ፡ ምግዓዝ ኣኽራን ከም ዚኸውን ይነግረና። ኸው እቶም ብህይወት ዚጸንሑ ሰባት፡ ብሰሪ ምንዋጽ ናይ ፍጥረት፡ ብርቱዕ ራዕዲ ኪሕዞም እዩ።

እምብኣር ኣብ ትንታኔታት ክነተኵር። ብዛዕባ እቲ መደናግርን ሕሱምን ዝዀነ ዘበን ጸረ ክርስቶስ፡ ብትእምርትታት እቶም ኣርባዕተ ኣፍራስ ኣብ ዝሓለፈ ናይ ምዕራፍ 6፡1-8 ተሓቢሩልና ከም ዝነበረ ዚዝከር እዩ። ሽዑ፡ ንኣመንቲ፡ ጊዜ ናይ ሰማእትነት ብብዝሒ ኪኸውን እዩ። ነፍሳት እቶም ሰማእታት ኣብ ሰማይ ምስ ኣተዉ ኽይተረፈ፡ በቲ ዘሕለፍዎን ገና ድማ ኣብ ምድሪ ኣብ ልዕሊ እቶም ዝተረፉ ብጾቶም ዚቕጽልን ግፍዕታት መሪርዎም ናብ ኣምላኽ ከም ዚጠርዑን፡ እቲ እተዋህቦም መልስን ኣብ ራእይ 6፡9-11 ይነግረና እሞ። ኣብኡ ገጽና ኽነስተብህል።

### 1. ምፍታሕ እቲ ሳድሳይ ማሕተም

<u>ጕዳይ</u> እቲ ሳድሳይ ማሕተም ትንቢት ብዛዕባ እቲ ኪፍጸም ዘለዎ ናይ ፍጥረት ምንዋጽ ብኣዝዩ ዓቢ ደረጃ እዩ። ኩሉ እዚ፡ ትንቢታት ትሕቲ ምሉእ ምቍጽጻር እቲ ብገንሸል ተመሲሉ ዘሎ የሱስ ክርስቶስ ምዃኑ በቲ "ነቲ ሳድሳይ ማሕተም ምስ ፈትሖ" ዚብል ተሓቢሩልና ኣሎ። ምፍታሕ እቲ ማሕተማት፡ ማለት፡ ምውዳድ ቅደም-ተኸተሉ ኲነ ምስላጡ ይሕብር። ነቲ ማሕተማት ዚፈትሖ ዘሎ፡ ሓደ ድሕሪ ሓደ፡ እቲ ብገንሸል ተመሲሉ ዘሎ የሱስ ክርስቶስ እዩ።

### 2. "ርኤኹ" ግደ ናይ ዮሃንስ።

ምርኣይ ግደ ናይ ዮሃንስ ራእይ ዮሃንስ ዝጸሓፈልና እዩ። ርኤኹ ኪብል ከሎ ተዓዘብኩ እሞ፡ ንኣኻትኩም ድማ እነግሮ ኣሎኹ ማለቱ እዩ። ራእይ ዮሃንስ ርእይቶ ወይስ ሓሳባት ናይ ዮሃንስ ኣይኰነን። ክንዮው ሓሳባት ወይ ርእይቶታት ናይ ሰብ ዝዀኑ ነገራትን ጕዳያትን ከም ዘለዉ ዮሃንስ የዘኻኽር እዩ። እቲ ዮሃንስ ዝረኣዮ ብዛዕባ ምንዋጽ ፍጥረት ኣብ 6፡12-14፡ ብዛዕባ ራዕዲ ሕብረተ-ሰብ ድማ ኣብ 6፡15-17 ኣስፊሩዎ ኣሎ።

### 3. ምንዋጽ ፍጥረት ብኣዝዩ ዓቢ ደረጃ።

በብዓይነቶም ምንዋጻት ናይ ፍጥረት ተደጋጊሞም በብእዋኑ ኣብ እተፈላለዩ ቦታታት ከም እተፈጸሙ ታሪኻዊ ሓቅታት እዮም። እዚ ኣብ ራእይ ዮሃንስ 6፡12-17 ተነጊሩ ሕጂ ኽኣ እነተኵረሉ ዘሎና ግና ኣውራ በቲ ደረጃ ምንዋጹ እዩ። ኣብኡ ሽዱሽተ ዓይነታት ናይ ምንዋጽ ፍጥረት ተጠቒሶም ኣለዉ። ዮሃንስ ብዛዕብኡ ዚብሎ ዘሎ ንመልከት።

#### 3.1. ብርቱዕ ምንቅጥቃጥ ምድሪ።

ብዛዕባ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ከም ሳይንሳዊ ዅነት ጌርና ክንዛረበሉ ንኽእል ኢና። ብዛዕባኡ'ውን ብዙሕ ተጻሒፉ ኣሎ። እቲ ራእይ ዮሃንስ ኣብ 6፡12-17 ዘተኵረሉ ዘሎ ግና፡ መነሳፈውን ትንቢታውን ትርጕሙ ደኣ እምበር ሳይንሳዊነት ናይ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኣይኰነን።

ምንቅጥቃጥ ምድሪ መለኮታዊ ትርጉም ዘለዎ ኪኸውን ከም ዚኽእል ዝተፈጸሙ መረድኢ ይኾኑ እዮም። ንምሳሌ፡ እግዚኣብሄር እቲ ሕግታት ብሙሴ ንደቂ እስራኤል ኪህቦም ከሎ ብምንቅጥቃጥ ምድሪ ኣሰንይዎ (ኦሪት ዘጽኣት 19፡18)።

ነብይ ኤልያስ ብደቂ እስራኤል ጕህዩ ናብ ኣምላኽ ምስ ተማህለለ፡ ምስናይ ካልእ ምልክታት፡ ሓደ ካብኡ ብምንቅጥቃጥ ምድሪ ከም ዝመለሰሉ ኣብ 1ይ ነገስት 19፡11 ተመዝጊቡ ንረኽቦ።

የሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ኰይኑ ብዓቢ ድምጺ ምስ ጨርሐ ምስናይ ካልኦት ምልክታት፡ “ምድሪ ኣንቀ ጥቀጠት” ይብል (ማቴ 27፡51)።

ሃዋርያ ጳውሎስን ሲላስን ብግፍዒ ምስ ተኣስሩ እሞ፡ ናብ ኣምላኽ ምስ ጸለዩ፡ ሓደ ምልክት ናይ መልሲ ኣምላኽ፡ መሰረት እታ ቤት ማእሰርቲ ክሳዕ ዚናውጽ፡ ብርቱዕ ምንድቕዳቕ ምድሪ ኾነ” ይብል (ግብ 16፡26)።

ኣብቲ መወዳእታ ዘበን ምንቅጥቃጣት ምድሪ ሓደ ንጹር ምልክቱ ምዃኑ ክንመልከቶ ተዋሂቡና (ማቴ 24፡7-9 እብ 12፡26-28 ሃጌ 2፡6)። ዮሃንስ ድማ እቲ ሳድሳይ ማሕተም ምስ ተፈትሐ፡ “ብርቱዕ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኾነ” ይብል (6፡ 12)።

3.2. ምጽልማት ጸሓይ ከም ወጮ።

ምስናይ እቲ ብርቱዕ ምንቅጥቃጥ ምድሪ፡ “ጸሓይ ከም ወጮ ጸለመተት” ይብል። ምንቅጥቃጥ ናይ ምድሪ ዝሓለፉ ኣብነታት ዝኾኑና ብብዝሒ ኺጥቀሱ ዚኽእሉ ኣለዉ። ምጽልማት ናይ ጸሓይ ግና ኺጥቀሱ ዚኽእሉ ኣዝዮም ሒደት እዮም። ብ 33 ዓመተ ምህረት ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ምስ ተሰቕለ ብቐትሩ፡ ካብ “ጊዜ ሳድሰይቲ ሰዓት ኣቢሉ ኽሳዕ ታስዓይቲ ሰዓት ኣብ ኵላ እታ ምድሪ ጸልማት ኰነ። ጸሓይ ጸልመተት…” ይብል (ማቴ 23፡44-45)። እዚ፡ ብእንፈልጦ ኣቈጻጽራ፡ ካብ ፍርቂ መዓልቲ ክሳዕ ሰዓት ሰለስተ ናይ ድሕሪ ቀትሪ የመልክት።

ብ 1500 ቅልክ ኣቢሉ መዓታት ኣብ ግብጺ ምስ ወረደ፡ “ሰለስተ መዓልቲ ግብ ዝበለ ጸልማት ኰነ። ሰለስተ መዓልቲ ሓደ ነቲ ኻልኣዩ ኣይረኣየን…” ይብል (ዘጽኣት 10፡22-23)።

የሱስ ክርስቶስ ድማ፡ ቅድሚ ስቕለቱ፡ ብዛዕባ መወዳእታ ናይ እዛ ዘሎናያ ዓለም ክንበ ከሎ፡ “ድሕሪ መከራ እታ ቕነ እቲኣ ግና ብኡብኡ ጸሓይ ክትጽልምት፡ ... እያ” ይብል። ትእምርቲ ናይ ሳድሳይ ማሕተም ዝፍጸመሉ ምስ ኣኸለ ድማ፡ “ጸሓይ ከም ወጮ ጸለመተ” ይብል (ራእ 7፡12)።

ራእይ ዮሃንስ፡ እዚ ትንቢት ጸሓይ ከም እትጽልምት ድኣ እምበር፡ ከመይ ኰይና ከም እትጽልምት እቲ ኣገባቡ ይኹን መገዱ ዝህቦ ሓበሬታ የልቦን። ከመይ ገይሩ ከም ዚፍጸም ናይ ዚጨንቆ ዘይብሉ ናይ ፈጣሪ ጕዳይ እዩ። ብኸፊል፡ ማለት [ ጸሓይ] ብንእስ ዝበለ ደረጃ ከም ዝጸልመተት ግና ታሪኻዊ ዂነት እዩ። ብዘበን እዚ ሳድሳይ ማሕተም ድማ ብዝዓበየ ደረጃ ኪፍጸም እዩ።

ደረጃ ዕብየት ምጽልማት ጸሓይ እዚ ትንቢት እዚ ኺገልጾ ከሎ፡ “ከም ወጮ” ይብሎ። ወጮ መብዝሕትኡ ጊዜ ካብ ጸጕሪ ኣባጊዕ እተሰርሐ ከቢድ ድርዕቶ እዩ። ሓደ ካብቲ ጥቕሙ ናይ ሓዘን ልብሲ ምዃኑ እዩ። እቲ ምጽልማት ናይ ጸሓይ ድማ ዝያዳ ካብ ዘገርም ምዃኑ ዘሕዝን፡ ዘሰምብድ ምዃኑ እዩ።

3.3. ወርሒ'ውን ብዘላ ከም ደም ኰነት።

እዚ ዮሃንስ ዚነግረና ዘሎ፡ ደም ምምሳል ናይ ወርሒ ኣብቲ ዘበን ትእምርቲ ናይ ሳድሳይ ማሕተም፡ ጐይታ የሱስ ክርስቶስ፡ ቅድሚ ስቕለቱ ዘተምብሆ ትንቢት እዩ። “ድሕሪ መከራ እታ ቕነ እቲኣ ግና ብኡብኡ … ወርሒ'ውን

ብርሃና ኣይክትህብን እያ …” ይብል (ማቴ 24፡29)።

ምንቅጥቃጥ ምድሪ፡ ምጽልማት ጸሓይ፡ ደም ምምሳል ናይ ወርሒ ተተሓሒዙ፡ ተለኣኺ ዚመጽእ ዘሎ ጐዳእን መሰምበድን መዓታት ናይ ትእምርቲ ናይ ሳድሳይ ማሕተም እዩም።

3.4. ከዋኽብቲ ሰማይ ኣብ ምድሪ ወደቑ፡ ከም …

ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ ኣብ ላዕሊ፡ ኣብ ሰማይ ኲይኖም ንዝረኣዩና ከዋኽብቲ ንብሎም። ሎሚ ብሳይንሳዊ ኣዘራርባ፡ ብቋንቋ እንግሊዝ ስታርስ፡ ፕላኔትስ፡ ሚትዮርስ፡ ጸሓያት … ወዘተ እናበልና ንፈላልዮም ኣሎና። ዮሃንስ ነዚ ፍልልያት እዚ ኣይኮነን ብሳይንሳዊ መገዲ ዚሕብር ዘሎ። ብዘይካ ወርሕን ጸሓይን ናይ ሰማይ ፍጥረታት እቶም ኣብኡ ዘለዉ ካልኦት ከይፈላለየ፡ ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ ከም ዝናወጹ የመልክት ኣሎ።

ናይ ሰማይ ፍጥረታት እኒ ከዋኽብቲ፡ ከም መረድኢ፡ “ኦም በለስ፡ ብርቱዕ ንፋስ ሰሰው ምስ ኣበላ፡ ነቲ ዝጐዔ ፍሪኣ ከም እትርግፍ” እናበለ ይምስል። በዚ እዋን እዚ ኵሎም ከዋኽብቲ ረጊፎም ተወዲኦም ማለት ከም ዘይኰነ ካብ ራእይ 8፡12 ኽንግምቶ ንኽእል። ኣብቲ ቀጻሊ እዋናት ንከዋኽብቲ ከም ዚምልከት ሲሶ ዚኣኽሉ ምውዳቖም ይሕብር።

ብሕዳር 1833 ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ፍጥረታት ሰማይ ከም ብመንፌት እተነፍየ ነገር ኲይኖም እናተቓጸሉ ንሰለስተ ሰዓታት ዘኒቦም። ሰባት ብፍርሂ ራዕዲ ኣትዩዎም ድማ መወዳእታ ዓለም ከም ኰይኑ ከም ዝመሰሎም ታሪኽ እዩ። በዚ ዘበን ሳድሳይ ማሕተም ዚፍጸመሉ ድማ ብዘዓበየ ደረጃ ምንፋይ ከዋኽብቲ ሰማይ እናተቓጸሉ ኺውንጨፉ እዮም ይብል።

3.5. ምጥቕላል ሰማይ ከም ክታብ።

ሰማይ’ውን ከም ዚጥቕለል ክታብ ኣግለሰ ይብል። ምድሪ ኼንቀጥቅጥ፡ ጸሓይ ክትጽልምት፡ ወርሒ ደም ክትመስል፡ ከዋኽብቲ እናተቓጸሉ ኺረግፉ ከለዉ፡ ሰማይ ድማ፡ ንዮሃንስ፡ ከም ዚጥቕለል ዘሎ ክታብ ኰይኑ ተራእዮ።

ጴጥሮስ ድማ ቅድሚ እቲ ዮሃንስ ዝረኣዮ ምንዋጽ ፍጥረት በቲ የሱስ ክርስቶስ ዚምለሰሉ ዘበናት ብምግራም ኺገልጾ ከሎ፡ “ሰማያት ጥዋዕዋዕ እናበለ ኪሓልፍ እዩ” ይብል (2ይ ጴጥ 3፡10)።

ንዘክር ነብያት ከም እኒ ዮሃንስን ጴጥሮስን እቲ ኵሉ ዘርኣዮም፡ ተረዲእናዮ ኢና እሞ፡ ኽንገልጾ ንኽእል ኢና ኣይኰኑን ዚብሉ ዘለዉ። እቲ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሖም ዚረኣይዎ እዮም ዘካፍሉ ዘለዉ።

3.6. ብዘለዉ ኣኽራንን ደሴታትን ካብ ስፍርኦም ገዓዙ።

ኣኽራንን ደሴታትን ዘይነቓነቑ መሲሎም ይርኣዩና። እቲ እተፈጸሙሉ እኳ ብንእስ ዚበለ ደረጃ እንተኾነ ብዛዕባ ምፍልላይ ናይ ክፍሊ ዓለማት ጂኦሎጂካዊ ታሪኽ ዚምስክሮ እዩ። ንምሳሌ፡ ሰሚናዊ ኣፍሪቃን ደቡብ ኤውሮጳን ተላጊቡ ምንባሩ፡ ምዕራብ ኣፍሪቃን ምብራቓዊ ሰሜን ናይ ደቡብ ኣሜሪካን ተላጊቡ ምንባሩ ዚእምቶ ኣቂ እዩ። በዚ ዘበን ሳድሳይ ማሕተም ብዘገም ናይ ጂኦሎጂ ዘይኰነስ፡ ኣኽራንን ደሴታትን ከም ተሳሒቡ ዝብንጠስ ብዝቐልጠፈ ደረጃታት ኪፈላለዩ እዮም።

4. ራዕዲ ሰባት።

በቲ ኺመጽእ ዘለዎ ምንዋጽ ናይ ፍጥረት እቲ ሽዑ ዝጸንሕ ህዝቢ ዓለም ከመይ ገይሩ ከም ዚቕበሎ ኣብ ራእይ 6፡15-17 ብትንቢት ተዋሂቡ ዘሎ ኣብ ሽዱሽተ ትዕዝብትታት፡ ነስትረብህል።

ኩሎም ክፍልታት ናይ ሕብረት-ሰብ ክርዕዱ እዮም። ዘርዕድ ሓደ እኳ የልቦን። ነገስታት ምድሪ፡ መሳፍንቲ፡ ሓላቑ ኣሽሓት፡ ሃብታማት፡ ሓያላት፡ ኵሎም ባሮት፡ ኵሎም ጭዋታት ብራዕዲ

ኽውሓጡ እዮም። በበቲ ሕብረተ-ሰቦም ዝንየቱ ዝነበሩ ኵላቶም ክርዕዱ እዮም። ተጠቒሶም ዘለዉ ሸብዓተ ክፍሊ ናይቲ ሕብረተ-ሰብ ኵሎም ከም ዚርዕዱ ንመልከት።

4.1. ብምርዓድከ እንታይ ገበሩ?

ያኢ ካብ ቍጥዓ ኣምላኽ ኪሕብኡስ፡ ኣብ ጐዳጕድን በዓትታትን ተሓብኡ። ኣግና ኣይኬዕቍቦምን እዩ።

4.2. ስለምንታይከ ተሓብኡ?

ንኽምዚታት ዝበለ መዓታት፡ ቅድሚ ሕጂ፡ ምንዋጽ ናይ ፍጥረት፡ ምንዋጽ ሕብረተ-ሰብ … ወዘተ፡ እናበሉ ባህርያዊ ምርዳእን መግለጽን እዮም ዚህብሉ ነይሮም። ሕጂ ግና መለኮታዊ ምኽኑ ይስቈሮም። ብምርዓድ፡ "ነኽራንን ነኻውሕን፡ ካብ ገጽ እቲ ኣብ ዝፋን ተቐሚጡ ዘሎን፡ ካብ ቍጥዓ እቲ ገንሸልን ኣብ ልዕሌና ወዲቕኩም ከዉሉና" ኪብሉ ኸለዉ ድማ ንምልከት።

እቲ ዘገርም፡ ባህረሩ ድኣ እምበር ብንስሓ ናብ ኣምላኽ ኣይተመልሱን። ምብህራሮም ድማ ናብ ቅብጸት ደኣ እምበር ናብ ንስሓ ኣይመለሶምን። "እታ ዓባይ መዓልቲ ቍጥዓኦም መጺኣ እያ እሞ፡ መንከ እዩ ደው ኪብል ዚኽእል" ኪብሉ ኸለዉ ናይ ፍርሆም ዓቕሊ ጽበት ደኣ እምበር፡ ናይ ንስሓ ጸሎቶም ከም ዘይኰነ ንምልከት።